# ካብ ጌግኦም ዘይማሃሩ ሉኡኻት ሳጥኒኤል

## SETE MATTO

ብስም ሸውዓተ ጉጅለታት ተቃወምቲ ሓይልታት ዝብሃሉ ናብ ሚንስተር ወጻኢ ጉዳያት ፊንላንድ ሚስተር ፖኮ ሃቪስቶ ዝተጻሕፈ ደብዳቤ ክተንብብ እንከለኹ ካብ ኤርትራዊ ፉጡር እዩ ተጻሒፉ ኢልካ ክትግምት ኣይትኽእልን። እዞም ሰባት ሃገርን ህዝብን ዘገድሶም ኮይኑ ኣይረኣየካን። ኩሉ ሕልሞም ሃገረ ኤርትራ እትብሃል ካብ ገጽ ምድሪ ክትጠፍእ ዝጽዕሩ ዘለዉ እዮም።

እዞም ብስም ህዝቢ ኤርትራ እንዳነገዱ ዝነብሩ፣ ብዓሌትን ሃይማኖትን ሃገር ክበታትኑ ለይትን መዓልትን ዝሰርሑ፣ ግዜ እንዳተቀየረ ክኸይድ እንከሎ ንሶም ግን ኩሉግዜ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት እንዳተጉቱ ዝነብሩ፣ እንዶ ናይ ሃገራዊ ረብሓ ዘይብሎም ካብ ታሪኽ ዘይማሃሩ ወይጦታት እዮም።

ኣብቲ ናብ ሚንስተር ፖኮ ጠቂሰሞ ዘለዉ መእተዊ ጽሕፎም ንኽሶም መራኸቢ ክኾኖም ዘቀመጥዎ ጹሑፍ “… ኣብዚ በዳዒ ግዜ ሕማም ኮቪድ 19ን ወራር ኣንበጣ ተነዚሕሉ ዝነበረ እዋን እቲ ዞባ ዝዘርኦ ምህርቲ ኣብ ዝሓፍሰሉ እዋን ኣብ ልዕሊ ትግራይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብኣየርን ምድርን ብዘይኣፈላላይ ዘውርዶ ዘሎ በደል ኣዚና ሓዚና ይብሉ።”

ንሓቂ ቀቢሩ ሓቂ ከምጽእ ዝሓስብ እንተሎ ሰይጣንን ሰዓብቲ ሰይጣንን ጥራሕ እዮም። ህዝቢ ትግራይ ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጻህያይን ዓጺድን ብሓደ ሸነኽ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ለበዳን ወራር ኣንበጣን እንዳመከተ እንከሎ ኣሞኽልዮም ብሕቡእ ብለይቲ ኣብ ድቃሱ እንከሎ ንልዕሊ 30 ሽሕ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝቀተሉን ዝኣሰሩን መን ድዮም? ግደ ሓቂ ዘይትዛረቡ።

ሓሱ በለኒ ክሕሱ እዝጊ ኣርኣየኒ ቁማል ክፈሱ ዝብል ናይ ንእስነት ዘረባ የዘኻኽረካ። ሓንቲ ሃገር ሰራዊታ እንዳተቀትለ፣ ብሚልዮናት ዶላራት ሸሚታ ዘምጽኣቶ ዕጥቅን ስንቅን ክዝመት ስቕ ኢላ ክትርኢ ገቡእ ድዩ? ብኣጽዋራን ዕጥቃን ክትውረር ኣየነይቲ ሃገር እያ እተፍቅድ?

ነቲ ኣብ ኤርራ ኣትዩ ነብሱ ከድሕን ዝፈተነ እግሪ እግሩ ሲዕብካ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣትዮም ንሰራዊት ኤርትራ ለኪምካ ምህራም ቅቡል ድዩ? ልዕሊ ኹሉ ድማ ንልዕሊ 20 ዓመት ሉዕላዊ መሬትና ኀቢጡ ካብ መሬትና ክወጽእ ዝሓንገደን ስቓይን ስደትን ኤርትራውያን ንኸዛይድ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕ ሰቕ ኢልካ ክርኢ ይግባእ ድዩ? ወይስ ንቁዓት ጀጋኑ ኢልና ዕታር ዕንበባ ከነበርክተሎምን ሉዕላውነት ሃገርና ከምሕልዋም ክቓጻጸርዎ እዩ ትምኒትኩም።

ዑሱባት ወያነን ኀይቶት ወያነን በብግዚኡ ዝፍንውዎ ሓሶት ከምቲ ድምጻዊ ወዲ ገብሩ ሓሳውን ቖርበትን እንዳሓደረ ይፎክስ ዝበሎ ናይ እዚኦም ድማ ግዜ እንዳበልጸ ኣብ ሰማይ ይበንን ኣሎ። ናይ UNHCR ላዕለዋይ ሓላፊ ዋላኻ ኣብ መጀመርታ በቲ ዓብላኺ ዶሮናን ሓሶትን ወያነ ተደናጊሩ ጌጋ ሓበሬታ እንተሃበ ሕጂ ግን ኣብ ኩሉ ናይ ዓለም መድያታት ኣብ CNN ከይተረፈ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ኩሎም ናይ ረዲኤት ትካላት እንዳተሓጋገዘ ንኹሎም ሽጉራት ትግራዎትን ስደተኛታትን ሓገዝ የባጽሕ ከምዘሎ ይምስክር ኣሎ።

ብዛዕባ ስደተኛታት ኤርትራውያን ወከልቲ UNHCR ኣብ ማዓስከራት ስደተኛታት ብምብጻሕ ብቀጥታ ምስ ስደተኛታት ኤርትራውያን ተራኺቦም ዝኾነ ጸገማት ካብ ሰራዊት ኤርትራ ይኹን ኢትዮጵያ ከምዘይበጽሖም ዋላሓደ'ውን ተገዲዱ ናብ ሃገሩ ዝተመልሰ ከምዘየለ ኣረጋጊጾም እዮም። ኣብዝ'ውን ኣብ መራኸቢ በዝሃን ቀሪቦም መግለጺ ሂቦሙሉ እዮም። ስለምንታይ እዮም እዞም ሉኡኻት ሳጥናኤል ንሃገሮም ኣሕሊፎም ክህቡ ዝደልዩ ዘለዉ??

እዚ ሕጂ ዝገብርዎ ዘለዉ ክሕደት ህዝቢ ኤርትራ ንዘልኣለም ክኹኑኖም ከምዝኾነን ኣብ ስደቶም ክበልዩ ምኻኖም ክርድኦም ኣለዎም። ከሓዲ ዋላ ሓንቲ ፖለቲካዊ ይኹን ዜግነታዊ መሰል የብሉን። ሕብረት ኤውሮጳ ይኹን ካልእ ንኤርትራን ህዝባን ከምብርከኽ ኣይክእልን እዩ። ዝመጸ ይምጻእ ወራርን ሓሳውን ኣብ ባርዕ ሰውራናን ጽንዓትናን ክሓርር እዩ።

ግርማይ የማነ

ርያድ      21/02/2021